## ዋዕላ ብሩሰልስ ተዛዚሙ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

እቲ ካብ 9-10 ሕዳር 2009 ፖሊሲታት ሕብረት ኣውሮጳን ኣብ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ንምትብባዕ ብዘገልግል ኣገባብ ምቅርራቡ ብዝብል ዛዕባ ኣብ ብሩሰል፡ ርእሰ-ከተማ በልጅዩም፡ ክካየድ ዝጸንሐ ዋዕላ፡ ደምዳሚ መግለጺ ብምውጻእ ተዛዚሙ። ኣብ'ዚ፡ ብኣውሮጳዊ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ኣማኻሪ ዝተባህለ ዘይመንግስታዊ ትካል፡ ብምትሕብባር ምስ መራሕቲ በርገሳውያን ማሕበራትን ኢጣልያዊ ናይ ፖለቲካ ስነ-ፍልጠት ትካልን ዝተዳለወ ዋዕላ'ዚ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ኣውሮጳ፡ ኣውሮጳዊ ሕብረት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ መራሕቲ ኣብ ስደት ዝርከባ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራን በርገሳውያን መራሕትን፡ መራሕቲ በርገሳውያን ማሕበራት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተሳቲፎም ነይሮም። ብኸሎ መለኪዒታት፡ እቲ ዋዕላ፡ ነቲ ዝተበገሰሉ ዕላማ ኣዐዊቱ ክበሃል ይከኣል። እቲ ደምዳሚ መግለጺ ሓዚልዎም ዝወጸ ትሕዝቶታት ከም'ዚ ዝስዕብ'ዩ ይመስል።

ኣብ'ዚ ዋዕላ'ዚ ዝተዘርበሎም ዛዕባታት ድማ፡ እዞም ዝስዕቡ ነበሩ።

- ሓጺር ዳህሳስ ታሪኽ ኤርትራን ቀንዲ ሻቕሎታት ናይ'ቲ ዞናን፣
- ፖሊሲታት ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን ኣብ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን፣
- ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራን ኣብ'ቲ ዞባን፣
- ፖሊሲ ኮሚሽን ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት፣
- ርእይቶ ኣብ ግዳም ዝርከቡ ኤርትራውያን ብዛዕባ ከመይነት ምስግጋር ናብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፣
- ምሕያል ግደ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ዘይመንግስታውያን ተዋሳእቲ ውልቀሰባትን፣
- ንስደተኛታት ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት፣
- መሰልን ሰብእዊ ክብርን ውሁዳን ሕብረተ-ሰባት፣
- መሰል እምነት ምኽባር፣
- ግደ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ኣብ ዲሞክራስያዊ ምስግጋርን ኣገባባቱን ምንጻር።

ካልእ እቲ ዋዕላ ዝተሓበሮም ብተገዳስነት ዝተመልከቶምን ጉዳያት

- ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እናስፋሕፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ጥሜትን፣ ገለ መንግስታት ብፖለቲካዊ ምስምሳት፡ ረዲኤት ናብ'ቲ ግዳይ ከይበጽሕ ዝገብርዎ ዘለዉ ዕንቅፋታትን፣
- መንግስቲ ኤርትራ ናይ መግቢ ሕጽረት የብለይን ኢሉ ምድራቑን፣ ረዲኤት ከይኣቱ ምኽልካሉን፣
- ኤርትራ፡ ብደረጃ ብዝሒ ስደተኛታት ኣብ 2ይ ቦታ ከም እትስራዕን፣ ክልተ-ሲሶ ካብኦም ድማ፡ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ተዓቂቦም ከምዘለዉ ዝሕብር ናይ 2008 ጸብጻብ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፣
- ሶማልያ፡ ኣብ ዝሓለፉ 18 ዓመታት ትሓልፎ ዘላ ዓጸቦን ቅልውላዋትን፣ ድርቅን ናህሪ ዋጋ መግብን፡ ከምኡ ውን፡ ብሰንኪ ምፍንቓል ዝስዕብ ዘሎ ስእነት ሰላምን ጸጥታን፣

- ፍርቂ ካብ ህዝቢ ሶማል ተጸባዩ ናይ ረዲኤት ኰይኑ ከምዘሎ፣ 75% ካብ'ቲ ረዲኤት ዝጽበ፡ ኣብ'ቲ ጽዕጹዕ ውግእ ዝካየደሉ ደቡባውን ማእከላውን ዝርከብ ም'ዃኑን፣ ብሰንኪ'ቲ ውግእ፡ ረዲኤት ናብ'ቲ ጥቑዕ ህዝቢ ክበጽሕ ከምዘይከኣለን፣
- 1.5 ሚልዮና ካብ ህዝቢ ሶማል ተፈናቒሉ ኣብ መዓስከራት'ዩ ከምዝነብርንጵ ፍርቂ ምልዮን ዝኸውን ድማ፡ ሃገሩ ገዲፉ ከምዝተሰደደ፤
- ኣብ ልዕሊ ሶማል ዝተደንገገ እገዳ ብጐረባብቲ ሃገራት ይጠሓስ ምህላዉን፣ ዝምድናኡ ምስ ሽፍትነት ባሕርን ዘስዕቦ ዘሎ ዘይምርግጋእን፤
- ተቐናቐንቲ ሓይልታት ሶማል ዝፍጽምዎ ዘለዉ ገበናት ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባትን ናይ ውግእ ገበናትን፤
- ኣብ ኢትዮጵያዝፍጸም ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፤
- ኣብ'ቲ ዞና ብሓፈሻ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፡ ሚሊታራይዘሽንን ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ጕንጺ ወጥርታት፤
- ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ፡ ንህጻናት ውን ዘጠቓለለ ጅምላዊ ማእሰርትን ጅምላዊ መቕጻዕትን፣
- ኣብ ኤርትራ ዝሰርሕ ፓርላማ፡ ዲሞክራሲያዊ ምርጫታትን ናጻ ቤት ፍርድን ዘይምህላው፣ ቅዋማዊ ዲሞክራሲ ንዘይተወሰነ ግዜ ምስግጋሩን ጸረ ለውጢ ዝግበር ዘሎ ዕንቅፋታትን፤
- ኣብ ኤርትራ፡ ናይ'ቶም ለውጢ ክምጽኡ ዝኽእሉ ናይ ሲቪላውያን ማሕበራት መሓውራት ምድምሳስን፣ ከምኡ ውን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ገደብ ኣብ ዕዕሊ ሲቪላዊ ማሕበራት፡ ብፍላይ ድማ፡ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ናይ ምዝራብን ምእካብን ናጽነታትን፤
- ኤርትራ፡ ብናጽነት ናይ ምዝራብ ብዝምልከት፡ ኣብ ዳሕረዋይ ቦታ ተሰሪዓ ከምዘላ፣ እታ ዝያዳ ብሚሊታሪዝም (ዕስክርና) ትፍለጥ ሃገር ኰይና ከምዘላ።

እቲ ዋዕላ ዘቕረቦ ጠለባት ከኣ፡-

1. እቲ ቀያድን ናይ መወዳእታን ብይን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘይ ቅድመ-ኵነት ኣብ ግብሪ ምውዓል፣
2. ሲቪላዊ ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ንምሕያል ዘድሊ ጻዕርታት ምግባር። ከመይነት መስርሕ ምስግጋር ናብ ዲሞክራሲ ዘርኢ ስእሊ (ሲናርዮ) ምቕራጽ፣
3. ሕብረት ኣውሮጳ፡ ኣመሪካን ቻይናን ንኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ብዝምልከት ሓደ ዝዓይነቱ ፖሊሲ ክህልወን። ንጕዳይ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ቀዳምነታት ምሃብ።
4. ሕብረት ኣውሮጳ ዝህቦ ልምዓታዊ ደገፋት ምስ ስምምዕ ኮቶኑ ዝሳነ ክኸውን። ብፍላይ ድማ፡ ምስ ጕዳይ ሰብኣዊ መሰላት ከምዝተኣሳሰር ምግባሩ።
5. ሕብረት ኣውሮጳ ዝህቦ ደገፋት ብኪኢላታት ቍጽጽርን ክትልን ክግበረሉ ዝብል ነበረ።

ካልእ ኣገደስቲ ጕዳያት ድማ፡-

- ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ልዝባት ንምክያድ ዝሕግዝ ባይታታት ክፈጥሩን፣ ነቶም መንግስታት ብዝፍጽምዎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ተሓታትነት ክህልዎም ክገብሩን ዕላማ ዘለዎ ናይ እገዳ ስጕምታት ኣብ ተግባር ክውዕሉን፣

- ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን፡ ኵሎም ናይ ፖለቲካ እሱራት ክፍትሑን፣ ሰብኣዊ መሰላት ክኽበሩን፣ ቀይሕ መስቀልን ካልኦት ትካላትን ንእሱራት ናይ ምብጻሕ መሰሎም ክሕለወሎምን ምግባር፤
- ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን፡ ኣብ ልዕሊ ኵሎም መንግስታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ጸቕጥታት ብምግባር፡ ናይ ፖለቲካ እሱራት ከምዝፍትሑ ክገብሩ፤
- ሕቡራት ሃገራት፡ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን ዝምርምር ኣህጕራዊ ትካል ከቕውም፤
- ንሓደጋ ጥሜት ንምብዳህ፡ ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን ምስ ሓድነት ኣፍሪቃን ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብን ብምትሕብባር ስትራተጂ ክሕንጽጹን ንናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ ረዲኤት ትክላት ዘጋጥም ዕንቅፋታት ክፈትሑን፤
- ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን ምስ ኢጋድ ብምትሕብባር፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዞባዊ ናይ ቍጠባዊ ልምዓት ምትሕብባር ክህሉ፡ ናይ መግቢ ዋሕስነት ክረጋገጽን ከባቢያዊ ብከላ ንምክልኻልን ሰላምን ጸጥታን ንምስፋንን ክጽዕሩ፤
- ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን፡ ሲቪላውያን ማሕበራት ኣብ ጅቡቲ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ናጽነት ናይ ምዝራብን ናጽነት ናይ ምእካብን ክዋስኡ ዘተባብዕ ባይታ ምፍጣር፤
- ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን፡ ኣብ ንስደተኛታት ዝውሃብ ትምህርታውን ጥዕናውን ኣገልግሎት ብምትኳር፡ መስርሕ ምስግጋር ናብ ዲሞክራሲ፡ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ንምርግጋጽ ምጽዓር። መንእሰያት ስደተኛታት፡ ናይ ሰላም ትምህርት፡ ናይ ሞያን ናይ ስራሕን ፕሮግርማት ተጠቀምቲ ክኾኑ ምግባር፤
- ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን፡ ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝርከቡ ማሕበረ-ኮማት፡ ፖለቲካውን ሲቪላውን ተበግሶታት ብምትብባዕ፡ ንመስርሕ ዲሞክራስያዊ ምስግጋር ምቅልጣፍ። ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ዘለዉ ናይ ስደተኛታት ማሕበረ-ሰብ ምድጋፍን፣ ብፍላይ ድማ፡ መንእሰያት፡ ሰላም ኣብ ምስፋን ዝሕግዙ ምልመላታት ክረኽቡን፣ ናይ ዲሞክራሲ ትምህርቲ ክቐስሙን ኣብ ፖለቲካውያን ውድባት ክሳተፉን ምትብባዕን፣ ኣካዳሚካውን ሞያውን ትምህርቲ ከምዝረኽቡን ምግባር፤
- ኣባላት ሃገራት ኣውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣመሪካን ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብን፡ ኣብ መምርሒታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዝተመርኰሰ ናይ ዑቑባ ተቐባልነት ዘይረኽቡ ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ናይ ምምላስ መሰል ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል ምግባር። ብመሰረት ስምምዕ ጀነቫ መሰላቶም ምሕላው። ኣብ መንጎ ኢጣልያን ሊብያን ተገይሩ ዘሎ ንስደተኛታት ዝምልከት ስምምዕ ዳግማይ ርእይቶ ክግበረሉ፤
- ብራድዮ፡ ተለቪዥንን ካልኦት ናይ መራኸቢ መሳለጢታትን ኣቢልካ፡ ናይ ምዝራብ ናጽነታት ከም ዝምዕብል ምግባር፤
- ትካላዊ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ናይ ፍትሒ ኣካላት፡ እንተላይ፡ ናይ ዕርቅን ቍስልታት ምሕዋይን መስርሕ ዘካይዳ ኣብያተ-ፍርዲ ንኽምስረታ ዘሎ ተኽእሎታት ምጽናዕ።